ቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

The Office of the Tigrai National Regional Council

ቁፅሪ ትዓ/ቤ/ሐ -2016-111
ዕለት 18/05/2015

ናብ ቤቶ ፍትሒ ዝ/ክ/ዐ/ትግራይ

ኣብ ዘለውዎ

**ዋኒኑ፡-** **አዋጅ ምልኣኽ ይምልከት**

ኣብ ርእሰ ዋኒኑ ክምዝተገለፀ "ቁፅሪ 365/2015 ዓ.ም ካብ ዙናት ናብ ሰላም ንምስግጋር ክሕግዝን ድሕንነት ህዝቢ ትግራይ ንምሕላውን ዝወፀ አዋጅ"ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብ 6ይ ዘመን 5ይ ስሩዕ ጉባኤ ብዝተውሃቦም ውክልና መሰረት፣ ዝወፀ ኣዋጅ ናብ ዝምልከቶም ኣካላት ክበፅሕን ኣብ ስራሕ ንክዉዕልን ብዕለት 17/05/2015 ዓ.ም ብቑፅሪ ደ/9/8/84 ብዝተፅሓፈ መሰነይታ ደብዳቤ ብፕረዚዳንት ብ/ክ/መ/ትግራይ ተፈሪሙ በዚሑና ኣሎ።

ይኹን'ምበር ብነጋሪት ጋዜጣ ምስ ተሓተመ ክይንልእኽልኩም ምስ ሕትመት ብዝተኣሳሰረ ወድዓዊ ፀገም ስለዘጋጠመ ክሳብ እቲ ፀገም ተፈቲሑ ብነጋሪት ጋዜጣ ተሓቲሙ ዝመፅእ እናሰራሕኽምሉ ክትፀንሑ እቲ ብፕረዚዳንት ብ/ክ/መ/ትግራይ ዝተፈረመ ኣዋጅ ኮፒ ቅዳሕ በዓል 26 ዓንቀፃትን 10 ገፅን ዝሓዘ ምልኣኽና ንሕብር።

ትግራይ ትስዕር!!
...ኤል ሽፋረ ሱባ
...ጉባኤ ቤት ምኽሪ
...ል ትግራይ

ቕዳሕ፣

- ንቋሚ ኮ/ጉ/ሕግን ምምሕዳርን ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ት
- ንኣ/ክ/ስ/መፅናዕቲ ምውፃእ ዝርገሐን ሕግን ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ

መቐለ

**አዋጅ ቁፅሪ ......../2015 ዓ.ም**

**ካብ ኲናት ናብ ሰላም ንምስግጋር ክሕግዝን ድሕንነት ህዝቢ ትግራይ ንምሕላውን ዝወፀ አዋጅ**

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኣወጀ ኲናትን ዐገም ፀጥታን ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈፀሙ ዓለምለኻዊ ገበናትን ንምክልኻል ብስሩዕ ስርዓት ምኽባር ሕጊ ምቁፅፃርን ምክልኻልን ዘይከኣል ምዃኑ ብምእማን አዋጅ ህፁፅ እዋን ተኣዊጁ ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ ኮይኑ ብመሰረት ዝተፈረመ ስምምዕነት ደው ምባል ተፃብኦ እቲ ሓደጋ መሊኡ እንትእለ ብስሩዕ ሕጊ ስርዓት ናብ ምኽባር ምምላስ ኣድላዪ ብምዃኑን እዚ ብሕጊ ክሕገዝ ስለ ዝጋባእን፣

አዋጅ ህፁፅ እዋን እንትለዓል ብመሰረት ሕግታት ህፁፅ እዋን ብዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስቲ ዝተወሰኑ ውሳነታትን ዝተወሃቡ ትእዛዛትን ሕጋዊ ውዕኢቶም ብሕጊ ምውሳን ኣገዳሲ ብምዃኑ፣

ካብ ሕግታት ህፁፅ እዋን ናብ ስሩዕ ስርዓት ምኽባር ሕጊ እንትንምለስ ክህሉ ዝኽእል ክፍተት ብኣግባቡ ክመሓደር ስለዝግባእ፣

ምልዓል ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ተኸቲሉ ክህሉ ዝኽእል ዐገም ፀጥታ ብኣግባቡ ንምእላይን ንምምሕዳርን ዘኽእል ስርዓትን ንሰላም ተወሳኺ ውሕስና ዝህብ ኣሰራርሓን ምትእትታው ኣድላዪ ኮይኑ ስለዝተረኸበ፣

ብቤት ምኽሪ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብዝተዉሃበ ዉክልና መሰረት እዚ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ ድንጋገታት

**ዓንቀፅ 1.ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ "ካብ ኲናት ናብ ሰላም ንምስግጋር ክሕግዝን ድሕንነት ህዝቢ ትግራይ ንምሕላውን ዝወፀ ኣዋጅ"ተባሂሉ ይፅዋዕ።

**ዓንቀፅ 2. ትርጉም**

ኣብዚ ኣዋጅ፤

1. "መንግስቲ" ማለት ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፣
2. "ቤት ምኽሪ" ማለት ቤት ምኽሪ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፣
3. "ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን" ማለት ንዚ ኣዋጅ ብላዕለዋይነት ዘፈፅምን ብርእሰ ምምሕዳር ዝውደብን ዝምራሕን ንልእኹ ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰባት ዝሓዘ ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፣
4. "ቤት ፍርዲ" ማለት ብብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝተጣየሸ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፣ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ወይ ወረዳ ቤት ፍርዲ እዩ፣

5. "ርእሰ ምምሕዳር" ማለት ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ማለት እዩ፣
6. "ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ" ማለት ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፣
7. "ኣካላት ፀጥታ" ማለት ንኹሎም ኣካላት ፀጥታን ድሕንነትን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዘጠቓልል እዩ፣
8. "ወራሪ ሓይሊ" ማለት ኣንፃር ረብሓ፣ ህልውና፣ ድሕንነትን ልኡላውነትን ህዝቢ ትግራይ ኩናት ዝኣወጀ፣ ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ንምፅናት እናሰርሐ ዝርከብ ዝኾነ ሓይሊ ኮይኑ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ምስ ከምዚ ዝበለ ኣካል ብምትሕብባር ይኹን ብልእኽቶ ዝሳተፍ ዝኾነ መንግስቲ፣ ክልላዊ ወይ ከባቢያዊ ስልጣን ዝሓዘ ወይ ሒዙ ዝነበረ ሓይሊ፣ ሰብ ወይ ኣካል ይሓውስ፣
9. "ዕላማ ወራሪ ሓይሊ" ማለት ህዝቢ ትግራይ ክፀንት ወይ ሕገ-መንግስትን ሕገ-መንግስታዊ ስርዓትን ትግራይ ክፈርስ ወይ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ክድፈር ወይ ህዝቢ ትግራይ ብዘይመሪሕነት ክተርፍ ወይ ህዝቢ ትግራይ ወይ ትግራዋይ መሰሉ ክጠሓስ፣ ክዋረድ ወይ ርእሱ ክድንን ወይ ኣብ ቁጠባን መሰረተ ልምዓትን ትግራይ ጉድኣት ክበፅሕ ወይ ዓለምለኽ ገበን ኣብ ልዕሊ ትግራይ ወይ ዝኾነ ትግራዋይ ክፍፀም ምግባር ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ተግባር ምፍፃም ማለት እዩ፣

10. "ስምምዕነት ደው ምባል ተፃብኦ " ማለት ተፃብኦ ደው ብምባል ዘላቒ ሰላም ንምምፃእ ኣብ ፕሪቶሪያ ዝተበፅሐ ስምምዕነትን ነዚ ስዒቡ ዝተፈረሙ መፈፀሚታትን ካልኦት ንሰላም ዝምልከቱ ስምምዓትን እውን ይሓውስ፣

11. "ሰብ" ማለት ተፈጥራዊ ሰብ ወይ ብሕጊ ሰብነት ዝተውሃቦ ኣካል ማለት እዩ።

## ዓንቀፅ 3. ኣገላልፃ ፆታ

ኣብዚ ኣዋጅ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣንስታይ እውን ይሓውስ።

## ዓንቀፅ 4. ወሰን ተፈፃምነት

1. እዚ ኣዋጅ ኣብ ትግራይ ንዝነብር ዝኾነ ሰብ ተፈፃሚ ይኸውን፤
2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እንተሃለወ እውን እዚ ኣዋጅ ወይ ካልኦት ኣብ ስራሕ ዘለዉ ሕግታት ብምጥሓስ ኣብ ልዕሊ ልኡላውነት፣ ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝኾነ ጊዜን ቦታን ኮይኑ ገበን ንዝፈፀመ ዝኾነ ሰብ ተፈፃምነት ይህልዎ።

# ክፍሊ ክልተ

## ኣወዳድባ፣ ስልጣንን ተግባርን ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን

## ዓንቀፅ 5. ምጥያሽ ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን

1. ነዚ ኣዋጅ ዘፈፅም ብርእሰ ምምሕዳር ዝውደብን ዝምራሕን ንልእኹ ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰባት ዝሓዘ ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን በዚ ኣዋጅ ተጣይሹ ኣሎ፣
2. በዝሕን ተዋፅኦን ኣባላት ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን ብርእሰ ምምሕዳር ይውሰን፣

3. ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 6 ዝተቐመጡ ተግባራት ብሳዕለዋይነት የፈፅም።

## ዓንቀፅ 6. ስልጣንን ተግባርን ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን

ንርእሰ ምምሕዳር ብሕጊ ዝተውሃቦ ስልጣንን ሓላፍነትን ሕልው ኮይኑ፤

1. ምስ ስምምዕነት ደው ምባል ተፃብኦ ብዝተኣሳሰረ ሰላም ብዝበለፀ ክዓሙቕን ናብ ዝሓሸ መድረኽ ክሰጋገር ንምግባር ዘኽእል ስትራቴጂን ሕግታትን ንምውፃእ ዘኽእል ሓሳብ የቕርብ፣ እንትፀድቕ ኣብ ተግባር የውዕል፣
2. ሰላም ንምሕላውን ፀጥታ ንምኽባርን ኣግባብነት ምስ ዘለዎም ኣካላት ብምትሕብባር ይሰርሕ፣ ሰላም ክሰፍን ዘኽእል ሚላ ይሕንፅ፣ ስራሕቲ ጥንቃቐ ይፍፅም፣
3. ዝተፈረመ ስምምዕነት ደው ምባል ተፃብኦ ብሙሉእነት ክሳብ ዝፍፀምን ሰላምን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ክሳብ ዝምለስን ኩሎም ኣካላት ፀጥታ ብርእሰ ምምሕዳር ኣቢሎም ክእዘዙ ሓሳብ ከቕርብ ይኽእል፣
4. ንሰላም ህዝብን መንግስትን ትግራይ ሓደጋ ዝኾኑ ፍልፍል ስግኣታት ብምፍላይ ክውሰድ ዝግብኦ ስጉምቲ ይውስን፣
5. ሓፈሻዊ ቁመናን ህንፀትን ኣካላት ፀጥታ ዝምልከት ውሳነታት የሕልፍ፤ ትልሚ የፅድቕ፤ ንሰላምን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ዘድሊ ኣወዳድባ ይውስን፣
6. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዘሎ ሕልው ኮይኑ ኣብ መላእ ትግራይ ሓይሊ ፀጥታ ብምውፋር ሰላምን ፀጥታን ክኽበሩ፣ ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝተዓጠቑ ኣካላት ዕጥቂ ክፍትሑ፣ ኩሉ ከባብታት ብምቁፅፃር ሰላማዊ ናብራ ህዝቢ ክቕፅል ክሰርሑ ትእዛዝ ክህብ ይኽእል፣
7. ንሰላምን ፀጥታን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣብ ስግኣት ዘውድቕ ወይ ከውድቕ ዝኽእል ኩነታት እንተጋጥም ኣድላዪ ውሳነ ክህብ ይኽእል።

## ዓንቀፅ 7. ስርዓት ኣኼባ

1. ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን ብርእሰ ምምሕዳር እንትፅዋዕ ኣብ ዝኾነ እዋን ክእከብ ይኽእል፣
2. ካብ መንፈቕ ኣባላት ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን ልዕሊ ፍርቂ እንተተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን፣
3. ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን ትግራይ ናይ ባዕሉ መምርሒ ስነ-ስርዓት ኣኼባ ክህልዎ ይኽእል።

## ዓንቀፅ 8. ምጥያሽ ንኡስ ቤት ምኽሪ

1. ነዚ ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን ዝሕግዙ ንኡሳን ኣብያተ ምኽሪ ክጣየሹ ይኽእሉ፣
2. ስልጣንን ተግባርን ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን ከምኡ 'ውን በዝሒ ኣባላት ሕድ ሕድ ንኡስ ቤት ምኽሪ ብመምርሒ መሰረት ይውሰን።

ዓንቀፅ 9. ከይዲ ምዕራይን ክስን ገበን

1. ኣብቲ ስሩዕ ሕግን መስርሓት ለውጢ(ሪፎርም)ን ዝተቐመጠ ሕልው ኮይኑ ቢሮ ፍትሒን ኮሚሽን ፖሊስን ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዝተቐመጡ ከበድቲ ገበናት ሓቢሮም ዝሰርሑ መርመርቲ ፖሊስን ዓቀብቲ ሕግን ብፍሉይ ክምድቡን ሓቢሮም ክሰርሑ ክገብሩን ይኽእሉ፣
2. ቢሮ ፍትሒ መንግስቲ ትግራይ ክሳብ ንኡስ ወረዳ ዘሎ መሓውሩ ኣብዚ ኣዋጅ ዝተደንገጉ ተግባራት ገበን ክሲ ናይ ምቕራብን ውሳነ ምሃብን ስልጣን ይህልዎ፣
3. ተጣሚሮም እንተተራእዩ ዝሐሸ ውፅኢታውነት ኣብ ዘለዎም ወይ ክጣመሩ ኣብ ዝግብኦም ዋኒናት ገበን ኮሚሽን ስነ ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ቢሮ ፍትሕን ሓቢሮም ዝሰርሑ ዓቀብቲ ሕጊ ክምድቡ ይኽእሉ።

## ክፍሊ ሰለስተ

## ተሓታትነት ገበን

ዓንቀፅ 10. ተፈፃምነት ስሩዕ ሕጊ

1. ኣብዚ ኣዋጅ ካብ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ገበን ወፃኢ ዘለዉ ተግባራት ገበን ብስሩዕ ሕግን ስነ-ስርዓትን ይዳነዩ ወይ ይመሓደሩ። እዚ ከም ዘለዎ ኮይኑ ንህልዊ ኩነታት ትግራይ ኣብ ዝምልከቱ ገበናት ኣድላይነቶም ዝተኣመነሎም ወይ ምስ እዚ ኣዋጅ ዝጠዓዓሙ ሕግታት ሃገር፤ ንሃገር ዝምልከት ትሕዝቶኦም ብክልላዊ ዓውዲ ተተርጒሙ ተፈፃምነት ይህልዎ፣
2. ኣብዚ ኣዋጅ ብግልፂ ኣብ ዘይተሸፈኑ፤ ሓፈሻዊ መትከላት ሕጊ ገበን ተፈፀምቲ እዮም።

ዓንቀፅ 11. ሓድነት ፖለቲካን ግዝኣትን ትግራይ ብምጉዳእ ዝፍፀም ገበን

ዝኾነ ሰብ ብሓይሊ፣ ብምትላል ወይ ብኻሊእ ብዝኾነ ንሕጊ ተፃራሪ ዝኾነ መንገዲ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንኽፈርስ ወይ ልኣላዊ ሕገ-መንግስታዊ ግዝኣት ትግራይ ክከፋፈል ወይ ካብ ልኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ወይ ውሱን ህዝቢ ካብ ትግራይ ንኽግንፀል ዘግብር ተግባር ዝፈፀመ ወይ ሰብ ካብ ትግራይ ናብ ካልእ ክፈልስ ወይ ክመዛበል ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ፤ ወይ ሳዕቤን እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 12. ምስ ወራሪ ሓይሊ ምትሕብባር

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ዕላማ ወራሪ ሓይሊ ንኽሳኻዕ ብምሕሳብ ብምምኻር ወይ ብምምራሕ ወይ ብምውፋር ወይ ብምምልማል ኮነ ብተግባር ንወራሪ ሓይሊ ዝደገፈ እንተኾይኑ፤ ብፍላይ

   ሀ. ኮነ ኢሉ ዕላማ ወራሪ ንኽሳኻዕ ንወራሪ ዘማኸረ ወይ ዝደገፈ ወይ ዝመርሐ እንተኾይኑ፣ ወይ

ለ. ንወራሪ መሪሑ ወይ ጠቕሙ ንዝኾነ ሰብ ክጥቃዕ ወይ ክፍተሽ ወይ ረብሓ ክስእን ወይ ክንገላታዕ ወይ ጉድኣት ክበጽሖ ወይ ክቕተል ወይ ሃለዋቱ ክጠፍእ ዝገበረ ወይ ናይ ዝኾነ ሰብ ንብረት ወይ ሃፍቲ መንግስቲ ወይ ኣካላት ፀጥታ ትግራይ ዝኾነ ንብረት ባዕሉ ዝዘረፈ ወይ ክፍተሽ ወይ ክዝረፍ ወይ ጉድኣት ክበጽሖ ወይ ክውሰድ ዝገበረ፣ ወይ

ሐ. ወራሪ ሓይሊ ንኽጠቅም ሓበሬታ ዝሃበ ወይ መንገዲ ዝሓበረ ወይ ንወራሪ ሓይሊ ስለ ኣካላት ፀጥታ ትግራይ ዝምልከት መረዳእታ ዝሃበ ወይ ኣካላት ፀጥታ ትግራይ ብወራሪ ሓይሊ ንኽጥቃዕ ንኣካላት ፀጥታ ትግራይ ግጉይን ዝተዛበዐን ሓበሬታ ዝሃበ፣ ወይ

መ. ካብ ቁፅፅር ወራሪ ሓይሊ ንምምላጥ ዝደልዩ ወገናት ወይ ቤተሰቦም ወይ ኣባላት ኣካላት ፀጥታ ትግራይ ወይ ፖለቲካውን ሲቪላውን ሰብ መዚ ትግራይ ወይ ስደተኛታት ወይ ተፈናቐልቲ ወይ ኣብ ትግራይ ዝነብሩ ኣካላትን ውልቀሰባትን ንወራሪ ሓይሊ ዘቃለዐ ወይ ብዝኾነ መንገዲ ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ዝጠቆመ ወይ ጉድኣት ክበፅሖም ዝገበረ፣

ረ. ዕላማ ወራሪ ሓይሊ ኣብ ዘሳኽዕ ስራሕ ፕሮፓጋንዳ ወይ ፕረስ ወይ ኣብ ካሊእ መራኸቢ ሓፋሽ ዝተሳተፈ፣ ወይ

ሰ. ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ኣብ መዳይ ኢኮኖሚ ንህዝቢ ብዝጎድእ ምስ ወራሪ ሓይሊ ሓቢሩ ዝሰርሐ፣

ሸ. ዝኾነ ሰብ ብዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ትግራይ ወይ ኣካላት ፀጥታ ትግራይ ንኽይርከብ ኮነ ኢሉ ተግባር ምሕባእ ወራሪ ሓይሊ ዝፈፀመ፣

እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ብዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣ ኣፈፃፅማን ሳዕቤንን እቲ ገበን ከቢድ እንድሕር ኮይኑ ብዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ፊደል "ሀ" ክሳብ "ሸ" ዝተደንገጉ ተግባራት ገበን ዝተፈፀሙ ብሸለልትነት እንተኾይኑ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ዘይንእስ ቀሊል ማእሰርቲ ዝቕፃዕ ኮይኑ እቲ ተግባር ዋላ ብሸለልትነት ዝተፈፀመ ይኹን ከቢድ ሳዕቤን እንተሃልይዎ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ብዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ::

## ዓንቀፅ 13. ስለላ

1. ዝኾነ ሰብ ፤

ሀ. ኣብ ፖለቲካዊ፣ ፀጥታዊ፣ ኢኮኖሚያዊ ዋኒን ወይ ስራሕ ኣገልግሎት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ወይ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ዝውንኖም ትካላት ወይ ህዝባዊ ትካላት፤ ስለላ ዝወደበ፣ ዝመርሐ፣ ዝተሳተፈ፣ ወይ ዝደገፈ ወይ ነዚ ዕላማ ንኻልእ ሰብ ዝመልመለ ወይ ዝቖፀረ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ብዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፤

ለ. ነዚ ስለላ ዘገልግል ሓበሬታን መረዳእታን ዝኣከበ ወይ ዘመሓላለፈ ወይ ክርክብ ዝገበረ ወይ ብምሽጥር ዝሕለውን ብግልፂ ብህዝቢ ዘይፍለጥ ሓበሬታን መረዳእታን ብወራሪ መንግስቲ ወይ ብውልቀ ንዝተጣየሹ ኣብያተ ፅዮ ወይ ንወከልቶም ክግለፅ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ብዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

ሐ. ኣብ "ሀ"ን "ለ"ን ዝተቐመጠ ተግባር ስለላ ኣብ ኣካላት ፀጥታ ትግራይ ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ብዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ የቕፅዕ፣

2. ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ወይ እቲ ስለላ ንህልውናን ድሕንነትን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣብ ሽግር ኩነት ኣብ ዝርከበሉ እዋን ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 14. ኣፅዋር ወይ ዕጥቂ ኣብ ኢድ ወራሪ ሓይሊ ክወድቕ ወይ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ክኸውን ምግባር

ዝኾነ ሰብ፤

1. ዝኾነ ዓይነት ኣፅዋር ውግእ ወይ ዕጥቂ ኣካላት ፀጥታ ትግራይ ከይጥቀምሉ ዘበላሸወ ወይ ዝሓበአ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት ካብ ኣገልግሎት ወፃኢ ዝገበረ ወይ ወራሪ ሓይሊ ክጥቀመሉ ብምባል ዝገደፈ ወይ ዝሃበ ወይ ንባዕሉ ኣረኪቡ ንኻልእ ንኽረክብ ዘለዓለ፣ ዘደፋፈረ ወይ ዘፈራረሐ ወይ ዕዕንቶ ዝፈጠረ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ብዝበፅሕ ገንዘብን ይቕፃዕ፣
2. ካብ ኣካላት ፀጥታ ትግራይ ዝተሰረቐ ወይ ዝተዓደገ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሜላ ዝተረኽበ ኣፅዋር ወይ ዕጥቂ ብመሸጣ ወይ ብኻሊእ ዝኾነ ኣግባብ ናብ ወራሪ ሓይሊ ዘረከበ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ብዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርትን ክሳብ ሓደ ሚእቲ ሽሕ ብዝበፅሕ መቕፃዕቲ ገንዘብን ይቕፃዕ፣
3. ብሕጋዊ መንገዲ ዝተውሃቦ ዕጥቂ ኮነ ኢሉ ንወራሪ ሓይሊ ዘረከበ ወይ ኣሕሊፉ ዝሃበ እንተኾይኑ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ብዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
4. እቲ ገበን ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ብቐሊል ማእሰርቲ ወይ ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ብዝበፅሕ መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 15. ክቡራት ማዓድናት ካብ ሕጊ ወፃኢ ምንጋድ

ዝኾነ ሰብ ፍቓድ ንግዲ ዝኸበሩ ማዓድናት ዋላ ይሃልዎ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብግልፂ ከይፈለጠ ከም ወርቂ፣ ፕላቲንየም፣ ብሩር ወይ ካልኦት ብረት ተንከፍ ማዓድናትን ከም ኣልማዝ፣ ሪቢ፣ ኤልመንድ፣ ሳፋየርን ኦፓልን (መዓድናት ጌፃጌፅ) ወይ ካልኦት ማዓድናት ካብ ትግራይ ክወፅእ ዝገበረ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተ ዓመት ብዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፤ ካብ ትግራይ ክወፅእ ዝተተሓዘ ማዓድን ብኤግዚቢት ተታሒዙ ብውሳነ ቤት ፍርዲ ይውረስ።

**ዓንቀፅ 16. መቕፃዕቲ ገንዘብን ተሓታትነት ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካልን**

ኣብ ፍፃመ ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዝተዘርዘሩ ገበናት ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ብዝስዕብ መትከል መሰረት ይቕፃዕ፤

1. ብምኽንያት ገበን መቕፃዕቲ ገንዘብ ዝኸፈል ብገንዘብ ኮይኑ ንብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣታዊ ይኸውን፣
2. ተቖፃዒ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ትካል እንተኾይኑ ቅፅዓት ገንዘብ ክሳብ ሓደ ሚልየን ክበፅሕ ይኽእል፣
3. ቤት ፍርዲ ንዝተፈረደሉ ሰብ መጠን ቅፅዓት ገንዘብ ዝውስን ክብደት እቲ ገበን፣ ሓደገኝነቱ፣ ኩነታት ሃፍቱ፣ ፍልፍል እቶቱ፣ ዘለዎ ሸክሚ ምምሕዳር ቤተሰብ፣ ብሞይኡ ዝረኸቦ መጠን ክፍሊት ወይ ዕድሚኡን ኩነታት ጥዕንኡን ብምምዛን ይኸውን፣
4. ኣብዚ ኣዋጅ ብማእሰርቲ ዘቕፅዕ ገበን ኮይኑ ፈፃሚ ገበን ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ትካል ኣብ ዝኾነሉ፤ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ቐሊል ማእሰርቲ ዘቕፅዕ ክሳብ ሚእቲ ሽሕ ብር፤ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰቲ ንዘቕፅዕ ክሳብ ክልተ ሚእቲ ሽሕ ብር፤ ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ንዘቕፅዕ ክሳብ ሓሙሽተ ሚእቲ ሽሕ ብር፤ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ዘቕፅዕ ገበን እንተኾይኑ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ክሳብ ዝተቐመጠ ዝለዓለ መጠን መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ።

## ክፍሊ ኣርባዕተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

**ዓንቀፅ 17. ገበናት ግዕዝይና**

ስሩዕ ሕጊ ዝተዉሃቦ ስልጣን ከምዘለዎ ኮይኑ ንቢሮ ፍትሒ ብውክልና ተዋሂቡ ዝነበረ ስልጣን ምዕራይን ምኽሳስን ገበን ግዕዝይና ፌደራል ንኮሚሽን ስነ ምግባርን ዐረ ግዕዝይናን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተዋሂቡ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 18. ስልጣን ዳይነት**

1. ስልጣን ምድናይ ስረ ነገር ኣብዚ ኣዋጅ ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ይኹን ኣብ ስሩዕ ሕግታት ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበንን ፍትሃ ብሄርን ከምኡ እውን ብውክልና ዝርኣዩ ዋኒናት ገበንን ፍትሃ ብሄርን ናይ ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ይኸውን፤ ዝርዝሩ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን፣
2. ኣብዚ ኣዋጅ ዝተደንገጉ ተግባራት ገበን ብምፍፃም ዝተጠርጠረ ሰብ ምዕራይ ንምክያድ ኣብ ዝኾነ ብርኪ ቤት ፍርዲ ትግራይ ግዜ ቆፀሮ ይውሃብ።

**ዓንቀፅ 19. ከባብያዊ ስልጣን ሓራ ዘይወፁ ቦታታትን ካብ ትግራይ ወፃኢ ዝተፈፀሙ ገበናትን**

1. ዝተፈፀመ ገበን ወይ ውፅኢት እቲ ገበን ዝተረኸበ ኣብ ትሕቲ ወራሪ ሓይሊ ኣብ ዝርከብ ቦታ ትግራይ እንተኾይኑ ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ገበንን ብስሩዕ

ሕግታትን ስረ ነገር ስልጣን ኣብ ዘለዎ ኣብ ዝኾነ ቦታ ትግራይ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ትግራይ ዝረአ ይኸውን፣

2. ዝተፈፀመ ገበን ወይ ውዕኢት እቲ ገበን ዝተረኸበ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ዘይቆፃፀሮ ቦታ እንተኾይኑ ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ገበንን ብስሩዕ ሕግታትን ስልጣን ምዕራይን ምኽሳስን ኣብ ዝኾነ ቦታ ዘሎ ቤት ዕሕፈት ፖሊስ ወይ ቤት ዕሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ይኸውን፣
3. ዝኾነ ሰብ ካብ ትግራይ ወፃኢ ኣብ ልዕሊ ትግራዋይ ወይ ኣብ ልዕሊ ረብሓ ትግራዋይ ዝፈፀሞ ዝኾነ ይኹን ገበን ኣብ ትግራይ ዝርከባ ኣብያተ ፍርዲ ስልጣን ዳይነት ዝህልወን ኮይኑ ስረ ነገር ስልጣን ኣብ ዘለዎ ኣብ ዝኾነ ቦታ ትግራይ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ትግራይ ዝረአ ይኸውን፣
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ "1"ን "2"ን ኣብ ዝተቐመጡ ዋኒናት ገበን ናይ ከባቢ.ያዊ ስልጣን ሕቶ እንተተላዒሉ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ትግራይ ብዝወሃብ መምርሒ መሰረት ይፍፀም።

## ዓንቀፅ 20. እዋን መሕተቲ ይግበኣኒን ጥርዓን ሰበርን

1. ብውሳነ ታሕተዎት ኣብያተ ፍርዲ ቅርታ ዘለዎ ዝኾነ ተኸራካሪ ወገን ውሳነ ቕዳሕ ካብ ዝበፀሖ ኣብ ውሽጢ 60 ተኸታተልቲ መዓልትታት ናብ ይግበኣኒ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ይግበኣኒ ከቕርብ ይኽእል፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተቐመጠ እዋን ናብ ሰበር መጋባእያ ንዝቐርብ ጥርዓን እውን ተፈፃሚ ይኸውን፣
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ "1"ን "2"ን ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ስርዓት ምትእንጋድ ይግበኣኒን ጥርዓን ሰበርን ብመሰረት ኣብ ስራሕ ዝርከቡ ክልላዊ ሕግታትን ብስሩዕ ሕጊ ስነ-ስርዓትን ዝፍፀም ይኸውን።

## ዓንቀፅ 21. ምዘና መረዳእታ

1. ንመርማሪ ዝተወሃበ ቃል ተጠርጣሪ ወይ ቃል ምስክርነት መሰኻኽር ወይ ኣብ ከይዲ ምዕራይ ዝነበሩ ደረጃ መሰኻኽር ዝሃብዎ ቃል ምስክርነት ወይ ምስክርነት ናይ ሰማዒ ሰማዒ ከም ዝምዘን መረዳእታ ኮይኑ የገልግል፣
2. ኣብ ቀዳሚ ምርመራ ዝተውሃበ ቃል እምነት ተጠርጣሪ፣ ቃል ምስክርነት ኣብ ከይዲ መጋባእያ ከም መረዳእታ ኮይኑ የገልግል፣
3. ኣብ እዋን ቀዳሚ ምርመራ ጠበቓ ተኸሳሲ ዘይምንባሩ ወይ ጠበቓ ዘይምግባሩ ወይ ነቶም መሰኻኽር መስቀለኛ ሕቶ ዘይምቕራቡ መሰኻኽር ንዝሃብዎ ቃል ምስክርነት ውዕኢት ኣየስእኖን።

## ዓንቀፅ 22. ተኸሳሲ ብዘየለሉ መዝገብ ዝረኣየሉ ስነ-ስርዓት

1. በዚ ኣዋጅ ይኹን ብኻልእ ስሩዕ ሕጊ ልዕሊ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ከቕዕዕ ዝኽእል ገበን ዝተኸሰሰ ዝኾነ ሰብ ኣብ እምነት ክሕደት ቃል ምስማዕ እንተዘይቀረቡ ወይ ምስክር ዓቃቢ ሕጊ ንምስማዕ ኣብ ዝተተሓዘ ቆፀሮ ዘይቀረበ እንተኾይኑ ህገቢ ክሪኦ ኣብ ዝኽእል ምልክታ መጠቕዒ ሰሌዳ ወይ ኣብ ኣድራሽኡ ንዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ ስራሕ ከባቢያዊ ምልክታ ተለጢፉ መፀዋዕታ ይግበረሉ፣

2. ብመሰረት ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1 መፀዋዕታ ተገይርሉ ዘይቀረበ ተኸሳሲ ክቐርብ ክምዘይደለየ ተሓሲቡ እቲ መዝገብ ተኸሳሲ ብዘየለሉ ይረአ፣
3. እቲ ተኸሳሲ ኣብ ግዜ ቆፀርኡ ዘይቀረበ መከላኸሊ ምስክር ተኸሳሲ ንምስማዕ ኣብ ዝተቐፀረሉ ጊዜ እንተኾይኑ ካልእ ተወሳኺ ስነ ስርዓት ከየድለየ ተኸሳሲ ዘለዎ መሰል ምክልኻል ተሓሊፉ እቲ መዝገብ ተኸሳሲ ብዘየለሉ ውሳነ ክረክብ ይግበር፣
4. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1፣ 2፣ 3 እዚ ዓንቀፅ እንተሃለወ እውን ተኸሳሲ ክቐርብ ዘይከኣለ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ምዃኑ ቤት ፍርዲ እንተኣሚንሉ ዳግም ንኽርአ ክውስን ይኽእል፣
5. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ከከም ኣግባብነቱ ኣብ ከይዲ ይግባኣኒ እውን ተፈፃምነት ይህልዎ።

ዓንቀፅ 23. መሰጋገሪ ድንጋገ

1. ብመሰረት ደንቢ 115/2014 ወይ 117/2014 ወይ 119/2014 ወይ ካሊእ ሕጊ ክሲ ቀሪብሉ ኣብ ከይዲ ዝርከብ መዝገብ ዝበፅሓሉ ብርኪ ብዘየገድስ ቡቲ ኣግባብነት ኣለዎ ተባሂሉ ዝተኸሰሰሉ ሕጊ መሰረት ውሳነ ይወሃበሉ፣
2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ክምዘለዎ ኮይኑ ቅፅዓት ዝምልከት ምስ እዚ ኣዋጅ ብምንፅፃር ንተኸሳሲ ብዝጠቅም መሰረት ይውሰን፣
3. ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዘይተሸፈኑ ዋኒናት ምስ ኣግባብነት ዘለዎም ሕግታት ገበን ብምንፅፃር ንተኸሳሲ ብዝጠቅም መንገዲ ይውሰን፣
4. ብኣካላት ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝተመሓላለፉ ውሳነታት ወይ ዝተፈፀሙ ትእዛዛት ሕጋዊ ቅቡልነት ይህልዎም፣
5. ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብስሩዕ ሕጊ ዝተውሃቦ ስልጣን ጥራሕ ተግባራዊ ይገብር፤ ብስሩዕ ሕግታት ስልጣን ዳይነት ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዘይኮኑ ውሳነ ዘይረኸቡ ዋኒናት ገበንን ፍትሃ ብሄርን ናብ ስልጣን ዘለዎ ስሩዕ ቤት ፍርዲ ይርከቡ፤ ካብ ዝበፅሕዎ ብርኪ ይቕፅሉ፣
6. ኣዋጅ ህፁፅ እዋን መሰረት ገይሩ ዝወፀ መምርሒ ኣፈፃፅማ ክፍሊት ገዛ ክራይ ኣብ ስራሕ ይፀንሕ፣።

ዓንቀፅ 24. ይቅርታን ምሕረትን

1. ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ዝተወሰነ ቕፅዓት ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ብይቅርታ ክሕለፍ ወይ ናብ ዝነኣሰ ቅፅዓት ክልወጥ ክውስን ይኽእል፣
2. ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ንኹነታት ብምግምጋም ምሕረት ምሃብ ኣድላይን ጠቓምን ኮይኑ ኣብ ዝረኸበሉ እዋን ንሓደ ዓይነት ገበን ወይ ኣብ ሓደ ብርኪ ንዝርከቡ ገበነኛታት ወይ ገበነኛ ብዘይምንም ገደብ ወይ ብውሱን ገደባት ጠቕላላ ምሕረት ክህብ ይኽእል፣
3. ኩነታት ኣወሃህባ ይቅርታን ምሕረትን ዝምልከት ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

ዓንቀፅ 25. ስልጣን ምውፃእ ደንብን መምርሕን

1. ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ነዚ ኣዋጅ መፈፀሚ ደንቢ ወይ መምርሒ ከውፅእ ይኽእል፣
2. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ በዚ ኣዋጅ ኣብ ዝተፈቐደሉ ስልጣንን ኣብዚ ኣዋጅ ንዝተደንገጉ ተግባራት ገበን ኣወሳስና ቕፅዓትን ዝምልከቱ መምርሒታት የውፅእ።

ዓንቀፅ 26. ተፈፃምነት እዚ ኣዋጅ

እዚ ኣዋጅ ካብ 17 ጥሪ 2015 ዓ.ም ጀሚሩ ተፈፃምነት ይህልዎ፣

ደብረፅዮን ገብረሚካኤል (ዶ/ር)

ፕረዚደንት ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

መቐለ